# ብቕዓታትካ ኣለልይ

ኣብ ሓደ ዓይነት ሞያ ተመኩሮ እንተሎካ: እሞ ንተመኩሮታት ሞያዊ ናብራኻ ኣብ ሽወደን ብኸመይ ክትጥቀመሎም ከም ትኽእል ክትፈልጥ'ዶ ትደልይ፧

ርእሰ-ግምገማ ብምግባር: ኣብቲ ሞያ እንታይ ከም ዚጥለብ ሓፈሻዊ ስእሊ ኪህልወካ ይኽእል'ዩ።

ነዚ ርእሰ-ግምገማ'ዚ: ኣብ ዕዳጋ-ስራሕ ሽወደን ካብ ዚርከቡ ዓይነታት ሞያ ዚምልከት ቅጥዒ ብምምላእ ኢኻ ኽኣ እትፍጽሞ። እቲ ዚስዕብ ምላሽ: ከም መመርኮሲ ክትጥቀመሉ'ዩ እቲ ሓሳብ፤ ምስ መራኸቢ ስራሕ ዝርርብ ብምግባር ከኣ ክትጥቀመሉ ትኽእል። እቲ ምላሽ: ካብቶም ዚሰማምዑኻ ዕድላት ቤ/ጽ መራኸብቲ ስራሕ ንምምራጽ: ንዓኻን ንቤ/ጽ መራኸብቲ ስራሕን ዕማም የቃልለልኩም። ከመይ ጌርካ ብቕዓታትካ ኣብ ሽወደን ክትጥቀመሎም ከም ትኽእል፤ ብኸመይ ከም ትቕጽል ሓበሬታ ክትረክብ፤ ትምህርትኻ ክትዛዝም፤ ስራሕ ተልመደን ክትፍትን ወይ ብቕዓትካ ከተርጥብ (validering) ምናልባት ደገፍ የድልየካ ይኸውን።.

እዞም ኣብዚ ርእሰ-ግምገማ ዘለዉ ሕቶታት: ኣብ ልዕሊ'ቶም ኣብ ዝተፈላለዩ ሞያታት ሽወደን ዚቐርቡ ጠለባት ዝተመስረቱ'ዮም። እቲ ምላሽ ከኣ: ኣብቲ ሞያ ዘሎካ ፍልጠትን ተመኩሮን ዝተመርኮሰ ይኸውን።

ኲሉ ዘሎካ ፍልጠትን ተመኩሮን ኣብ ግምት ይኣቱ። ንብቕዓታትካ እትመዝን ከኣ ንስኻ ባዕልኻ ኢኻ።

## ብቕዓታትካ ንምልላይ: ነዞም ዚስዕቡ መበገሲ ክትገብር ትኽእል ኢኻ:-

### 1: ተመኩሮ እንተ ዘይብልካ

- ምናልባት ጽንሰ-ሓሳባዊ (ቀለማዊ) ትምህርቲ ሃልዩካ ግን ተግባራዊ ተመኩሮ ዘይብልካ ትኸውን

### 2: ውሑድ ተመኩሮ

- ኣብቲ ሞያ: ካብ ዓመት ዚውሕድ ጊዜ ሰሪሕካ'ለኻ
- ኣብ ትምህርቲ ኣብ ዝነበርካሉ ወቕቲ ፈቲንካ ትፈልጥ ኢኻ

### 3: ዘዕግብ ተመኩሮ

- ዓመት ምሉእ ከም ዝሰራሕካ ዚምስክር መወከሲ ወይ ምስክር ወረቐት ኣሎካ
- ኣብ ሓደ ዓይነት ሞያ ኣብ ሓያሎ ኣብያተ ስራሕ ሰሪሕካ'ለኻ

### 4: ዓቢ ተመኩሮ

- ኣብቲ ሞያ እንተ ወሓደ ናይ ሓደ ዓመት ተመኩሮ ኣሎካ
- ተግባራዊ ተመኩሮ'ሎካ፤ ብተዛማዲ ኸኣ ቀልጢፍካ ርእስኻ ክኢልካ ክትሰርሕ ትኽእል ኢኻ

## 5: ኣዝዩ ዓቢ ተመኩሮ

- ከም ኣካያዲ ስራሕ: ሓላፊ ወይ ክኢላ ኣብ ሓደ ናይ ስራሕ ቦታ ክትፍተን ትኽእል ኢኻ
- ነቲ ስራሕ ኣብ ምውዳብን ምምዕባልን ተመኩሮ'ሎካ፣ ኣብ ምሕደራውን ኣተኣላልያን ስራሕ'ውን ተመኩሮ'ሎካ
- ኣብቲ መዳይ ስራሕ እቲ ዕማም ብኸመይ ኪዕመም ከም ዘለዎ ኣብ ምሕባር ተመኩሮ'ሎካ፣ መሳርሕትኻ ከተንጥፍን ከተተባብዕን'ውን ትኽእል ኢኻ
- ንዝተፈላለዩ ፕሮጀክትታት/ጉጅለታት/መዳያት ስራሕ/መሳርሕቲ ዘድልዩ መጋበርያታት ኣብ ምውዳብ ተመኩሮ ኣሎካ

ተመኩሮታትካ ብሰፊሕ ክትገልጽ እንተ ደሊኻ: ኣብ ታሕተዋይ ክፋል ቅጥዒ ዘሎ ንናጻ ጽሑፍ ዘገልግል ባዶ ቦታ ተጠቐም። ምናልባት ኣብቲ ሞያ ተመኩሮ ሃልዩካ ክነሱ ንዕኡ ዚምልከት ሕቶ ኣብዚ ቅጥዒ ርእሰ-ግምገማ'ዚ ኣይቀረበን ኪኸውን ይኽእል'ዩ።

ትምህርትኻን ተመኩሮታትን ብገለ ኣገባብ ንኣብነት ብምስክር ወረቐት ወይ ትምህርታዊ ነጥቢ'ዶ ከተመስክር ትኽእል፧ ምስክር ወረቐት ወይ ትምህርታዊ ነጥቢ እንተሎካ: ቤ/ጽ መራኸብቲ ስራሕ ብቤት ምኽሪ ዩኒቨርሲቲን ላዕላይ ትምህርትን (UHR, Universitets- och högskolerådet) ኣቢሉ ሰነዳትካ ኣብ ምትርጓምን ምርጣብን ኪተሓጋገዘካ ይኽእል'ዩ።

# ናይ ርእሰ ገምጋም ኦርነክ

# መራሕ ማኪናን መራሕ ዕፍሪትን

| ብቕዓታት/ክእለታት | 1-5 (ተመክሮ ኣልቦ – ብጣዕሚ ሚዓቢ ተመክሮ) |
|---|---|
| 1. ጽቡቕ ክእለት ናይ ኣጋይሽ ኣቀባብላ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 2. ኣብ ሓደ እጸጋሚኩነታት ህድኣተይ ኣየጥፍእን ኢየ | 1 2 3 4 5 |
| 3. ኣብ ወጥሪ እንክለኹስ ርሐይ ክኣልይ ይኽእል | 1 2 3 4 5 |
| 4. ናይ ስራሕ ሃዋህውእንታይ ከምዝኾነን ትሕዝቶኡን ይፈልጦ ኢየ | 1 2 3 4 5 |
| 5. ብናይ ሓደ ስራሕ ቦታ ሕግታት ምቕያድ ይኽእል ኢየ | 1 2 3 4 5 |
| **ተመክሮ** | |
| 6. ንበይነ ምስራሕን ናይ ውሳኔ ምውሳድን ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 7. ምስ ካለኦት ሓቢርካ ናይ ምስራሕ ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 8. ከም ሓለቓ ምስራሕ ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 9. ኣብ ሽወደን ኮዓቲት ማኪና ናይ ምዝዋርን ምጥቃምን ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 10. ኮዓቲት ማኪና ናይ ምምራሕን ምጥቃምን ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 11. ካተርፒላር ናይ ምዘዋርን ምስራሕን ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 12. ናይ ሽወደን ትምህርቲ ምምራሕ ማኪና ጽዕነት ኣለኒ | እወ ኣይፋል |
| 13. ማኪና ጽዕነት ምምራሕን ምጥቃምን ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 14. ከም መራሕ ተንቀሳቓሲት ዕፍሪት ምስራሕ፣ ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 15. ትራክቶር ናይ ምዝዋር ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 16. ናይ መሰረት ምትካል ስራሕ ተመክሮ ኣለኒ(ንኣብነት መሰረት ገዛ) | 1 2 3 4 5 |
| 17. ምስ ናይ ጫካ ትራክቶር ናይ ምስራሕ ተመክሮኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 18. ብዓጻዲት ማሺን ናይ ማስራሕ ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 19. ብናይ ጨንፈር ኣግራብ ቆራጺት ማሺን ናይ ምስራሕ ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |
| 20. ኣብ ጫካ ብትራክቶር ናይ ምስራሕ ተመክሮ ኣለኒ | 1 2 3 4 5 |

ነ ዚ ሞያ ዊ-ዓ ውዲ ዝምልከት ኣ ብዚ ቅጥዒ ዘ ይተጠሰ ተወሳኺእ ክለት ምስ ምህ ልወኩም ኣ ብዚ ጥቐስ ዎ::